**ንስደተኛታት ውን መሰል ናይ ስድራ ይግባእ!**

**ማሕበር ናይ ስድራ ጥርናፈ ኤርትራውያን፣ ናይ በርሊን ናይ ንጥፈታት ግሩፕ ኣፍጋኒስታንን ናይ ናይ በርሊን ሕብረት ኣፍጋኒስታንን ንዕለት 12 ሕዳር 2021 ሰዓት 10፡00 ኣብ ቅድሚ ናይ SPD-Parteizentrale ኣብ Willy-Brandt-Haus፡ Wilhelmstr.140, 10963 Berlin ንሰለማዊ ሰልፊ ይጽውዑ።**

ንሕና ካብ ኤርትራ፥ ካብ ኣፍጋንስታንን ካብ ካልእ ዓድታትን ዝመጻና ንዓመታት ካብ ስድራና ተፈሊና ንነብር ዘለና ስደተኛታት ኢና። ኣብ ኤምባሲታት ቆጸራ ንምሓዝ ንዓመታት ንጽበ፥ ነቲ ናይ መስርሕ ግዜታትውን ተወሳኺ ዓመታት ንጽበ፥ ከነቕርቦም ዘይንኽእል ዶክመንትታት ከነቕርብ ንግደድ፣ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ዝኾነ ዋጋታት ንኸፍልን እቶም ኤምባሲታት ናይ ጀርመን ብቐሊሉ ክንረኽቦም ኣይንኽልን። በዞም ምኽንያታት እዚኦም ስድራና ክመጹ ከምዘይክሉ ይግበር። በቲ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ዘሎ ኲናት ምኽንያት፥ ኲነታት ናይቶም ምስ ስድርኦም ክጥርነፉ ዝጽበዩ ዘለው ኤርትራውያን እንዳኸፍአ ከይዱ።
ድሕሪ ስልጣን ምሓዝ ናይ ታሊባን ጥርናፈ ስድራ ንደቂ ኣፍጋኒስታን ዳርጋ ኣብዘይከኣለሉ ደረጃ በጺሑ።

እዚ ኲነታት እዚ ክጽወር ዘይከኣልን መሰል ሰባት ምርጋጽን ኢዩ!
ንSPD፣ ንGrüneን ንFDPን ኣብቲ ዝገብርዎ ናይ ሓባር ውዕል፥ ንጹር ዝኾነ ስምምዕ ንኽገብሩን መስርሕ ናይ ስድራ ጥርናፈ ብዘይ ቢሮክራስን ብቕልጡፍን ከምዝውዳእ ክገብሩ ንጠልብ!

መሰል ስድራቤት ንኹሉ ብምባል ብሓባር ኣብ ጎደናታት ብምውጻእ፡ ናይ ቪዛ መስርሕ ብዘይ ብዙሕ ቢሮክራሲ ብኦንላይንን ብቕልጡፍን፡ ኣብ ወጻኢ ጉዳይ ምኒስተሪ ኣብ ጀርመንን ኣብ ኩሉ ዓድታት ዘለው ናይ ጀርመን ኤምባሲታትን ክሳለጥ እምበር ኣብ ጎረባብቲ ሃገር ኤርትራን ኣፍጋኒስታንን ጥራይ ተሓጺሩ ክተርፍ የብሉን። ዝምድና ናይ ስድራቤት ክረጋገጹሉ ዝኽእል ካልእ መንገድታት ክፍጠር፣ መሰል ምጥርናፍ ስድራ ንኹሉ (subsidiär Geschützte) ክፍቀድን እቲ ንመስርሕ ቪዛ ዝኽፈል ገንዘብ ብመንግስቲ ጀርመን ክሽፈንን ንጠልብ።

ኩሉ ሰብ ዕለት 12. ሕዳር 2021 ሰዓት 10:00 ናብ Willy-Brandt-Haus ክመጽእ ኣንዳዓደምና ካብኡ ጀሚርና ብFamilienministerium ኣቢልና ኣብ Auswärtiges Amt ክንውድእ ኢና።

**ኣብዚ ሰለማዊ ሰልፊ እዚ ርሕቀት ምሕላውን ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ምግባር ናይ ግድን ኢዩ!**

እዚ ሰለማዊ ሰልፊ ንምግባር ዝተሓባበሩና፡

Flüchtlingsrat Berlin, Etehad e.V., Beratungs- und Betreuungszentrum für junge Flüchtlinge und Migrant*innen BBZ, Jugendliche ohne Grenzen, Seebrücke ከምኡውን PRO ASYL ኢዮም።